ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን التحالف الديمقراطي الأرتري

ERITREAN DEMOCRATIC ALLIANCE

## ክፍሊ ህዝባውን ማሕበራውን ጉዳያት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
## ጎስጓሳዊ ንጥፈታቱ ብኣዲስ ኣበባ ጀሚሩ።

ክፍሊ ህዝባውን ማሕበራውን ጉዳያት ኤዲኪ ብ15 ጥሪ 2012 ካብ ሰዓት 10.00 ቅድሚ ቀትሪ ክሳብ 1.30 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ሰፊሕን ዓይነታውን ህዝባዊ ኣኼባ ምክያዱ ካብቲ ቦታ ዝመጸና ዜና ኣረዲኡ። ኣቦ መንበር ጨንፈር ኣዲስ ኣበባ ብ/ጃንቦ ወልዳይ ነቲ ኣኼባ ብድሕሪ ምክፋቱ፡ ኣቦ መንበር ክፍሊ ህዝባውን ማሕበራውን ጉዳያት ኤዲኪ ብ/ሓጅ ዓብደኑር ሓጅን ኣባል ናይቲ ክፍሊ ብ/ዓብደሩሕማን ጣሃ ኑርን ንህልዊ ኩነታት ኤርትራን ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ ዘርእይዎ ዘለዉ ኣውንታዊ ምዕባሌታትን ተራ ኤርትራዊ መንእሰይ ኣብዚ መስርሕ'ዚ ብዝምልከትን ሰፊሕ መብርሂ ሂቦም።

ብ/ሓጅ ዓብደኑር ሓጅ ንህልዊ ኩነታት ኤርትራ ኣመልኪቱ ሓፈሻዊ መብርሂ ብድሕሪ ምሃቡ፡ ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ ንክውንነት ህዝቢ ኤርትራ ዘንጸባርቕ ካብ ዝተፈላለየ ኩርንዓት ዓለምን ፖሎቲካዊ ዝንባሌታትን ዝውክሉ ኣስታት 600 ዜጋታት ኣብ ሓደ መኣዲ ዘተን ልዝብን ዘሳተፈ ብሕዳር 2011 ዕውት ሰፊሕ ሃገራዊ ጉባኤ ምርግጋጹ፡ ዓይነታዊ ዝላ ምዃኑ ግለጹ። እዚ ፍጻሜ'ዚ ንፖሎቲካዊ ሓይልታት ተቓውሞ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ከኣ ብፍላይ ውድቀት ስርዓት ህግደፍ ንምቅልጣፍ፡ ንደንበ ተቓውሞ ኣብ ሓደ ጽላል ንምጥርናፍ ኣብ ሓድነታዊ ጉባኤኡ ብግንቦት 2008 ዝወሰዶ ተበግሶን ኣብ ተግባር ምውዓሉን ታሪኻዊ ፍጻሜ ምዃኑ ገሊጹ።

ብ/ሓጅ ዓብደኑር ሓጅ ካብ ተሳተፍቲ ዝቐረቡ ሕቶታት ክምለስ ከሎ፡ ማእከላይ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ካብ መባእታዊ ወርሒ ሕዳር ጀሚሩ ክሳብ መወዳእታ ታሕሳስ 2011 ኣብ ዘካይዶ ቀጻሊ ኣኼባታት ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ዝነበርዎ ብርቱዕን ድኹምን ጎንታቱ ብዕምቆት ምምዛኑ ኣረዲኡ። ማእከላይ መሪሕነት ሰፊሕ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ብዓወት ምዝዛሙን ሓደ ፖሎቲካዊ መርሆን መሪሕነትን መዚዙ ምውጽኡን ኣብዚ እዋን'ዚ ንዝካየድ ዘሎ መድረኻዊ ቃልሲ ኣገዳሲ መኽሰብ ምዃኑ ኣረጋጊጹ። ካብዚ ብምብጋስ ከኣ ነቲ ተረጋጊጹ ዘሎ ዓወት ብምዕቃብ፡ ኩሎም ደለይቲ ለውጢ ንህዝቢ ኤርትራ ካብቲ ዘሕልፎ ዘሎ ኣሰቓቒ ኩነታት ንምንጋፍን ውሕሉል ደሞክራስያዊ ምሕደራ ንምርግጋጽን ንምጉልባቱ ብርቱዕ ጻዕርታት ከካይዱ ከም ዝግባእ ኣብሪሁ።

ብተወሳኺ ብ/ሓጅ ዓብደኑር ሓጅ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ መጻኢ ሰሪዕዎም ዘሎ መደባት ከብርህ ከሎ፡ ኣካል ሃገራዊ ባይቶ ብምዃኑ፡ ዕማማት ሃገራዊ ባይቶ ንምዕዋትን ሓንጺጽዎም ዘሎ መደባት ኣብ ግብሪ ንምርግጋጽን ብኩሉ ዓቕምታቱ ክሰርሕ ምሕንጻጹ ገሊጹ። ከምኡ'ውን ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ኤዲኪ ምስ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ባይቶ ዝሳነ ትልምታትን ኣሰራርሓን ክገብር ድልው ምህላዉ ኣረዲኡ።

ብ/ሓጅ ዓብደኑር ሓጅ መላእ ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ ንመድረኻዊ ዕማማት ቃልሲ ብኣድማዕነት ንምፍጻምን ብድሆታቱ ብሓላፍነት ንምግጣምን ተመሳሳሊ ራእይን ፖሎቲካዊ መደብ ዕዮን ዘለዎም ውድባት ተቐራሪቦም ክሰርሑን ናብ ሓድነት ከምርሑን ጻዕርታቶም ከበራትዑ ከም ዝግባእ ኣረዲኡ።

ኣብ ዝካየድ ዘሎ ደሞክራስያዊ ቃልሲ ንተራ ኤርትራዊ መንእሰይ ከብርህ ከሎ፡ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝነበሮም ልሉይን ጅግንነታውን እጃም ብምዝካር፡ ኣብዚ'ዚ እዋን'ዚ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ብምድሓን ኣብ ሃገርና ደሞክራስያዊ ስርዓት ንምርግጋጽ፡ ብመንገዲ ፖሎቲካዊ ሓይልታት ይኹን በርጌሳዊ ማሕበራት ኣውንታዊ ግዲኦም ክጻወቱ ተላብዩ።

ኣብ መወዳእታ ከኣ እዚ ኣኼባ'ዚ ከምቲ ማእከላይ መሪሕነት ኣብ መባእታ ጥሪ 2012 ዝውጽኦ ጋዜጣዊ መግለጺኡ መሰረት ብምግባር፡ ክሳብ 10 መጋቢት 2012 ክካየድ ዝወሰኖ ኣኼብኡ ሓደ ካብቶም ብፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ዝተሓንጸጹ ትልሚ ዕዮታት ምዃኖም እቲ ዝመጸና ዜና ሓቢሩ።

**ክፍሊ ህዝባውን ማሕበራውን ጉዳያት**
**ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን**